22100315

International Baccalaureate®
Baccalauréat International
Bachillerato Internacional

**TIGRINYA A1 – STANDARD LEVEL – PAPER 1**
**TIGRIGNA A1 – NIVEAU MOYEN – ÉPREUVE 1**
**TIGRIÑA A1 – NIVEL MEDIO – PRUEBA 1**

Thursday 13 May 2010 (afternoon)
Jeudi 13 mai 2010 (après-midi)
Jueves 13 de mayo de 2010 (tarde)

1 hour 30 minutes / 1 heure 30 minutes / 1 hora 30 minutos

---

INSTRUCTIONS TO CANDIDATES

- Do not open this examination paper until instructed to do so.
- Write a commentary on one passage only. It is not compulsory for you to respond directly to the guiding questions provided. However, you may use them if you wish.

INSTRUCTIONS DESTINÉES AUX CANDIDATS

- N'ouvrez pas cette épreuve avant d'y être autorisé(e).
- Rédigez un commentaire sur un seul des passages. Le commentaire ne doit pas nécessairement répondre aux questions d'orientation fournies. Vous pouvez toutefois les utiliser si vous le désirez.

INSTRUCCIONES PARA LOS ALUMNOS

- No abra esta prueba hasta que se lo autoricen.
- Escriba un comentario sobre un solo fragmento. No es obligatorio responder directamente a las preguntas que se ofrecen a modo de guía. Sin embargo, puede usarlas si lo desea.


© International Baccalaureate Organization 2010

ካብዞም ሲዒቦም ዘለዉ ክፋል ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕትታት ነቲ ሓደ መሪፅካ/ኪ ብምግምጋም ሪኢቶኻ/ኺ ሃብ/ቢ።

**1.**

እነይ ስላስ ቆራቢት ሰጋዲት ኮይነን ንደቀን እናምሃራ ከዕብያ ጀመራ፡፡ ናብርአን ፅጉም ምኻኑ ይርድአን መፍትሒኡ ግን ደቀን ኣምሂረን ቀፂዐን ኣዕብየን ዓበይቲ ሰባት ኮይኖም ክጥውርወን እንተለው ኮይኑ ይርኣየን፡፡ ነዞም ስለስተ ደቀን ካብ ዝተፈላለዩ ሰባት ምስ ወለዳ ካሊእ ውላድ ይኣኽለኒ ኢለን ነዚኦም ቀፂዕኻን ኣምሂርካን ምዕባይ ከም ናይ ህይወት ተልእኾአን ገይረን ወሲደንኦ ነይረን፡፡

ዕዳጋ እንትህልው መዓልቲ ጨው ቅመም ወዲ'ቅመም ካብ ዓበይቲ ነጋዶ ገዚአንስ ይኹን ተለቂሐን ወሲደን ኣብ ዕዳጋ ተንኮቦት መሳሊ ዘርጊሐን ሰጢሐንኦ ይውዕላ፡፡ ብገንዘብ ዝሸጥኦ ኣብ ጫፉ ብቐጣን ጨርቂ ዝተጣበቐት ንኡሽተይ በዓልቲ መሸቀ'ቕ ከረጢት ናብ ክሳደን ኣእትየን ብውሽጢ ጉሊአን ይገብርኣ እሞ ኣውፂእ እናበላ ናብኣ ኣእትየን ተመሊሰን ናብ ጉሊአን የእትውኣ፤ ብእኽሊ ዘለወጠኦ ዝበለ ድማ በቢዓይነቱ ኣብ ዘተፈላለየ ቅንጥብጣብ ጨርቂ ኣዋህልል ውዒለን ምሸት ንምሸቱ ጠ'ቕሊለን ማለት ማዓት ሕዝሎን ሕንጥልጥሎን ኮይነን ንገዝአን ይኣትዋ፡፡ ዝተለቀሐኦ ከፊለን ንስሙን መዳወይ ዝኸውን ይረኽባ፡፡ ክሳዕ ከምኣ መዓልቲ ዕዳጋ እትመፅእ ኣብዘሎ ሰሙን ሓደ ሓደ ግዜ ሓሚመ ኢለን ተዓፂፈን ይድቅሳ፡፡ ካሊእ ግዜ ጡጥ ፈቲለን እናሸጣ ማይ ኣምፂአን እናሸጣ ተወሳኺ እቶት ይኣራርያ፡፡

እነይ ስላስ ገዝአን ይኹን ናብርአን መ'ኻዚኖ ተጋራጫዊ ነገራት ጎንፅታት እዩ፡፡ ገዝአን ኣብ ዘበናዊ ፋብሪካ ዝተሰርሐ ቆርቆሮ እዩ፡፡ ኣብ ውሽጢ ግን ኣብ ክንዲ ዓራት መደብ ኣብ ክንዲ ወንበር መድሐ ኣብ ክንዲ ልቺ ናይ ላምባ ጋዝ ወይ ድማ ፍላይ ሓዊ እዩ ዝርከብ፡፡ ንኣሽሓት ዓማውቲ ዝፀንሐ መሳርሒ ገዛ ምስ ብዘበናዊ መንገዲ ዝተሰርሐ ቆርቆሮ ሓቢሮም ይነብሩ፡፡

ማይ ቡምባ ዝብሃል ነገር ዋላ ቀኛዝማ'ሽ ዮሴፍ ነታ ከተማ ምስ ኣሰልጠንዋ እውን ኣይፈልጠኦን፡፡ ታዕሪፋ ጓል ታዕሪፋ ዝረኽባላ ዝነበረት ስራሕ ምሕዋር ማይ እኳ ዳኣ ተጫራታይ ረኽባላ፡፡ ንባዕለን ዝኸውን ማይ ኣብ ግዝፍ ዝበለ ዕትሮ የ'ቕምጣ፡፡ ንኣሻሓት ዓመታት እንተይተቐየረ ብዝፀንሐ ኣገባብ ዝተሰርሐ ዕትሮ መ'ቕድሒኡ ግን ሽክና ወይ ሻሻት ኣይነበረን፡፡ ኮካኮላ ዝብል ናይ እንግሊዝኛ ፅሑፍ ዘለዎ ታኒካ እዩ ኔሩ፡፡ እታ ታኒካ ዝተሰርሐትሉ ዕላማ እኳ መ'ቕድሒ ማይ ንኽትከውን ኣይነበረን፡፡ ብዘበናዊ መንገዲ ዝተሰርሐ መስተ ንክቛፅር እቲ መስተ ምስተሰተየ ድማ ንክድርበይ ሃዋ እንተበለ ድማ እንደገና ተኣኪቡ ብዘበናዊ መንገዲ ተዓራርዩ እንደገና ዘበናዊ መስተን ክቛፅር እዩ ነይሩ፡፡

ዘበናዊ ናብራ ዝደርበዮ ታኒካ ግን ኣብ እንዳነይ ስላስ ኣትዩ በቲ ሓደ ገፅ ወሰን ወሰን ተቐርዲዱ መ'ቕድሒ ማይ ይኸውን እሞ ንእነይ ስላስ ምስ መበል 20 ክ/ዘበን የተኣሳስረን፡፡ እቲ ዝገርም እነይ ስላስ ምስ መበል 20 ክ/ዘበን ዘተኣሳሰረን እቲ ክ/ዘበን እቲ ተጠቒሙ ውዳ'ቕ እዩ ኢሉ ዝደርበዮ ምኻኑ እዩ፡፡ ብድርባይ ናይ ዘበናዊ ናብራ ኣቢለን ምስ ዘበናዊ ናብራ ይተኣሳሰራ፡፡

እንትሓማ እንተለዋ ወይ ዳሓን ገንዘብ እንትረኽባ እንተለዋ እኸለን ንእንዳመጥሓን ወሲደን ዘበናዊ ክብሃል በዝከኣል ናውቲ የጥሕና፡፡ ገንዘብ ስኢነን በዓልቲ ጥዒና እንት'ኾና ዝጥቀማላ ነገር ካብ ምኻና ዝተልዓለ ንመጀመርያ ጊዜ ሰብ መዓዝ ክጥቀመላ ከምዝጀመረ ዘይትፍለጥ መጥሐን ናይ ገዝአን ኣላተን ዋላ ገንዘብ ሃሊያተን እውን ዝልንቀጥ ነገር እንትህልው ነዛ ናይ ዘበን እኒ እኒ መጥሓን እየን ዝጥቀማ፡፡ እነይ ስላስ ኣብ ክልተ ግዜታት ኣብ ክለተ መዋእላት ረጊፀን እየን ዝነብራ፡፡ እቲ ሓደ እግረን ኣብ መበል 20 ክ/ዘበን እቲ ሓደ እግረን ኣብ ዘበን እኒ እኒ፡፡

ነይረን ነይረን መሕወሲ ሰብ ኢለን ዝገዝኣኣ ጀለብያ ክዳን ኣላተን፡፡ ኩሉ መዓልቲ ዝጥቀማላ ብርስሓት ቀለማ ዝቐየረት ኣረጊት ጀዲድ ቀምሽ ድማ ኣላተን፡፡ ዋላ ነታ ሓዳሽ ጀለብየአን እንትኽደና እውን ከይትኣርገኒ ብዝብል እታ ብላይ ጀዲደን ብውሽጢ ገይረን እታ ጀለቢያ ብላዕሊ ይገብርኣ፡፡ ንእነይ ስላስ ዘግድሽን ሓድሽ ልስሉስ ጨርቂ ኣብ ዝባነን ምዕራፍ ኣይኮነን፡፡ ብውሽጢ ዘሎ ምስ እንግድዐን ዝተጣበቐ ብላይ ሓርፋፍ ኣረጊት ክዳን እናሃለወ እቲ ብደገ ዝርአ ግን ዘበናዊ መልክዐኛ ምኳኑ ሸፊንዎ ይነብር እምበር ኣይትክኦን ኣብ እንዳነይ ስላስ፡፡ ዳሓር ናብራ ቁሩብ ፍኹስ እንዳበለለን ምስ ከደ መስዓሚ በተኸስያን ኢለን ዘእለምኦ ዓለባ ዓድና እውን ነይራተን፡፡ ዋላ ካቢቲ ጀለብያ ንላዕሊ ተኸናኺነን ይሕዝኣ፡፡ ተገራጫዊ እዩ ገዛ እንዳ እነይ ስላስ፡፡ ኣብ ሓደ መዳይ ዘበናዊን ናይ ዘበን እኒ እኒን ሓቢሮም ይነብሩ፡፡ እናቐያየራ ይጥቀማሎም፡፡ ኣብቲ ሓደ መዳይ እቲ ዘበናዊ ካብቲ ነባር ዘላዕለ ግምትን ክብርን ይህብኦ፡፡ እቲ ዝበዝሐ ጥሪትን መነባብሮአን ናይ ዘበን እኒ እኒ እናሃለወ ብዙሕ ግዜ ብደግ ዝርአ ግን ቆርቆሮ ገዝአን ጀለብያ ክዳነን ኮታ እቲ ዘበናዊ ዘበለ ይመስል፡፡

ናብርአን ብጠቕላላ ካብቲ ሸቐጣ ሸቐጥ ውዒለን ዘምፀአኦ እኽሊ ኣይፍለን ሕውስዋስ እዩ፡፡ ናይ እነይ ስላስ ጥራሕ ግን ኣይኮነን ናይ ኩላ እምባ ስራዋት ናይ ኩላ ትግራይ ናይ ኩላ ኢትዮጵያ ናብራ እዩ፡፡ ዋላ እቶም ገዛእቱ እቶም ሰብ ምችው ናብራ እኒ ቀኛዝማሽ ዮሴፍ ወዲ እንተኾኑ እውን መጠኑ ክፊላለ እንተዘይኮይኑ ኣብ ክልተ መዋእላት ዝነብሩ ምኳኖም ዘየካትዕ እዩ፡፡ እነይ ስላስ ብናብርአን ዝተሓጎሳሉ ብዕድለን ዝረወያሉ እዋን የለን ምባል ምግናን ኣይኮነን፡፡ ድኻ ኮይነን የማነ ፀጋም ተፃፊዐን ከርፉሕ ናብራ ይደፍኣ፡፡ ብድኽነተን ይጉህያ፡፡ ንምንታይ ከምዝደኸያ ግን ብዙሕ ግዜ ሓሲበናሉ እውን ኣይፈልጣን፡፡ ከም ቅቡል ዕድለን መፋጥርተን ጌረን እየን ዝወስድኦ፡፡ ንሰን ዝገበራ እንተገበራ ከይሓልፈለን ዝገብር ቆሪኑ ዝሓዘን ምድራዊ ሓየሊ ኣሎ ኢለን ኣይኣምናን፡፡ ዕድለን ገይሩለን ካብ ድኻታት ተፈጢረን ድኻ ኮይነን እቶም ገዛእቲ ድማ ዕድሎም ኮይኑ ካብ ርሑሳት ተወሊዶም ሃፍታማት ክቡራት ኮይኖም፡፡ ድኻ ነይሩ ዝህፍትም ሃፍታም ነይሩ ዝደኪ እንትርእያ እውን ኣጋጣሚ ናይ ዕድል ነገር ገይረን ይርድኦኦ፡፡ እቲ ዝዓበየ ትምኒተን ካብቶም ድኻታት ኮይኖም ተፈጢሮም ዕድሎም ገይሩሎም ኣብ መንገ ንምህፍታም ዝበቕዑ ሓንቲ ንክኾና እዩ፡፡ ብናይ ባዕለን ፃዕሪ ሒኸ ኢለን ኣይኮነለንን ደቀን ኣምሂረን ክሓልፈለን ምኳኑ ገሚተን ንደቀን ምምሃር ከም መንገዲ ምህፍታመን መንገዲ ምምሕያሽ ናብረአን ገይረን ብዓብይ ወነ ተራባረባላ፡፡

ናብርአን ንምንታይ ክምኡ ከምዝኾነን ንቐፃሊ ዝህልወን መማረፅታት ፈፂመን ኣይርዳኣን፡፡ በቲ ሓደ መንገዲ ይፍትና ይኣብየን፡፡ የንፀርፅራ በቲ ካሊእ መንገዲ እንደገና ይፍትና፡፡ ብኡኡ እውን ይኣብየን የማርራ፡፡ ካብ ሓደ ፈተነ ናብ ካሊእ ፈተና ካብ ሓደ ምንፅርፃር ናብ ካሊእ ምንፅርፃር እናተገላበጣ ብዘይፈልጠኦ ዘይቆፃፀርኣ ጉዕዞ ናብራ እናተዳፍኣ ይጓዓዛ፡፡ ናይ ውሕጅ ጉዕዞ፡፡ ማንም ዝቆፃፀሮ ዘይብሉ ብናይ ባዕሉ ሕጊ ካብ በሪኽ ናብ ዓሚቕ ይውርወር፡፡ ዝገፈጦ ጉንዲ ወዲ ጉንዲ እናጋላበጠ ሒዝዎ ይውንጨፍ፡፡ እቲ ጉንዲ ነቲ ናይ ውሕጅ ጉዕዞ ይፍለጦ ኣይፍለጦ ይቆፃፀሮ ኣይቆፃፀሮ ካሊእ ሕቶ እዩ፡፡ ብቻ እናተገላበጠ ይኸይድ፡፡ ከም እነይ ስላስ፡፡ መንፀርፀሪ ኣእምሮ ዘየብሉ እንተዘይኮይኑ ብውሕጅ ዝተጋፍዐ ጉንዲ ካብ ብናብራ ዝጋፍዓ ዘለዋ እነይ ስላስ ኣይፍለን፡፡ ኣብ እምባ ሰራዋት ኣብ ትግራይ፣ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ኣብ ኩሉዓለም ከንደይ ብውሕጅ ናብራ ወዲ ሰብ እናተጋፍዐ እንተይፈለጠ እንተይተቖፃፀሮ እናተገላበጠ ዝወርድኮን ይህሉ?

«ምንኩሕኳሕ ዘይፍለየሉ ማዕፆ»
ብተስፍይ ዮሃላሸት 1978 ዓ.ም

– መይላ ኣተራርኻ እቲ ድርሰት እንታይ ይመስል፧ ዘትይ/ዩ፡፡

– ኣጠቓቕማ ምስላዊ ኣዘራርባ እዚ ፅሑፍ እንታይ ይመስል፧ ገምግም/ሚ፡፡

– ኣቀራርባን እንታይነትን ቴማ እዚ ፅሑፍ ገምግም/ሚ፡፡

– ኣቀራርባን ኣቀራርፃን እቶም ገፀ-ባህርያትይን ኣብ ተደረስቲ ዝህልዎ ፅልዋን ዘትይ/ዩ፡፡

**2.**

ገና ብሕነጠይካ ወለዲ ብትሰፋ
ንዓኻ ኣሚኖም ክትኮኖም ሓለፋ
ኣልቢሶም ሸሊሞም ማህደር ኣኾልኲሎም
ከርሳቶም ዓፂፎም ቀለብካ ኣስኒቖም፤

ምስብዙሕ ምርቓ ምስ ዘይቕህም ፍቕሪ
ምስ እንቃዓ ምኽሪ ብዝኽሪ ብሕድሪ
ሰደዱኻ ምህሮ ምስቶም መሳቱኻ
ፍልጠት'ያ  ክትቀስም ክምዕብል ሓንጎልካ።

መኹርዒ ወለዱ ተማሃራይ ሓየት
ወትሩ ተመጋቢ ካብ መኣዲ ፍልጠት
ንቕድሚት ሰዳሪ ካብ ዓመት ናብ ዓመት
ኵንካ መመሰሊ ኣብነት ንብፆት።

ህዝብኻን ሃገርካን ተስፈኦም ኣባኻ
ዕብየት ክተዕትሮም ካብ ፀገም ኣውፂኻ
ናብ ብርሃን ክትመርሖም ንፀልማት ጋሲሀኻ
ፋናውን ክትኮኖም መንገዲ ፀሪግካ

ኣየ'ወ ሓደራ!ንክትፆሮ ኩምራ!ክትዎፆ መከራ!

ግናስ እንታይ ትምህርቱ!?
ክንዲ ናይ ዓድኻ ናይ ካልእ የዝንቱ
ባህልኻ ኣረሲዑ ናይ ጓና ዘፍቱ
ናውቱ ናይባዕዲ ዘይፍለጥ ብልሓቱ።

ማዕረግ ሊቅነት'ሲ፡ ይበል! ለቢስካዮ
ዘመናዊ ፍልጠት ከም ማይ ሰቲኻዮ
እንታይ'ሞ ክኽውን ዘይረብሕ ዕዮ
ነቲ መቦቆልካ ድሮ ረሲዕካዮ!

ህዝብኻ ኣብመሬት ምስፀገም ክቃለስ
ንስኻ ኣብ ሰማይ ምስሽላ ትጣየስ
ዘመድካ ኣብ ባይታ ብጥምየት ክቑሎ
ሃሪ ተኽዲንካ ንትልሂት ትዳሎ

ወገንካ ብሕማም ክሳቐ ክማስን
ንዋይ ሃገር ሼጥካ ሃብትኻ ተሰስን
ክንዲ መሪሕ ምኻን ንሰቡ ዝሕግዝ
ክትከውን ትመርፅ ዕሱብ-ጨካን ግብዝ

ክንዲ ፍቱን ፈውሲ፤ ኮይንካ ሰራም መርዚ
ምስሓረድቲ እናኻ ካብ ኣቶኻ ጉዚ
ቁምነገር ጌርካዮ ልዕሊ-ሰብ ክትውርዚ
ልምድን ወግዕን ሃገር ካብ ኮነካ ሕንዚ።

ዓንዲ ክንዲ ምኻን ፀዋሪ ወገንካ
ንቓላት ምስንጣቕ ኮይኑ ወፈያኻ
ነዲዱ ዘየብርህ ካብኮነ ፍልጠትካ
ብኻ ዘይትፍጠር መኺነን እናኻ

ንከማኻ ርእያቶም ናይ ፈላጥ ደንቆሮ
ልሳንካ ተግባርካ ምስኮናም ሕንኩሮ
ለባማት ወለዲ ወዲኦምዎ ድሮ
ካብዘይጠቅም ምህሮ ይሓይሽ ኣእምሮ!

ኪሮስ ብርሃነ የካቲት 1992

- ኣቀራርባን ኣሰኣእላን ቀንዲ ገፀ-ባህርይ እዚ ግጥሚ ዘትይ/ዪ።
- ኣቀራርባን እንታይነትን ቀንዲ መልእኽቲ እዚ ግጥሚ ገምግም/ሚ።
- እተ ግጥሚ ዘለዎ ኣጠቓቕማ ቓላት መሰረት ጌርካ/ኪ ገምግም/ሚ።
- ብዛዕባ ስነ-መዋቕርን ትሕዝቶን እዚ ግጥሚ እንታይ ምበልካ/ኪ።